[TIGRINYA] [A brief guide to NHS service in Scotland for Asylum Seekers and Refugees (AHBT)]

## መፀበዪ ሰዓታት

ግልጋሎታት NHS ንሕክምና መፀበዪ ሰዓታት ኣለዎ። ይኹን እንበር ሕሙማት ብኣግባቡን ብሰዓቱን ከምዝ ሕከሙ ዘረጋግፁ ከኾኑ ኣለዎም።

እንተድኣ ብ GP ኹም ናብ ካሊእ ግልጋሎት ሪፈር ትበሃለ ኾይንኩም ብዛዕባ ንምንታይ ሪፈር ከምዝተብሃልኹም፣ ትፅቢት ዝግበረለ ፃንሒት ሰዓት፣ ቖፆሮ ኣብ ምኽባር ዝህልወኩም ግዳታን ሳዕቤናት ዘይምክትታልን ምኽሪ ክወሃበኩም ኣልዎ።

## ሓገዝ ተወሳኺ ወፃኢታት ጥዕና

መብዛሕትኦም ግልጋሎታት ጥዕና ብነፃ እዮም። ኮይኑ ግና ኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ሕሙማት NHS ንከም ክንክን ስኒ፣ መነፅራት፣ ላንሳት፣ ዊግን ደገፍ ጨርቃ ጨርቂን ተወሳኺ ክኸፍለ ይሕተቱ እዮም።

ትሑት ኣታዊ ዘለዎ ዝኾነ ሕሙም NHS ኣብ መለማመዱ GP፣ ሆስፒታላት NHS፣ ፋርማሲታትን ኤጀንሲታት ምምኻርን ዝርከብ ቕጥዒ HC1 ብምምላእ ካብቶም ተወሰኽቲ ወፃኢታት ነፃ ንምኗን ከመልከቱ ይኽእለ እዮም። ተቐባልነት እንተረኺቦም ምስክር ወረቐት HC2 ይወሃቦም። ተወሳኺ ክፍሊት ኣብ ዝሕተቱለ እዋን ድማ ሕሙማት እቲ ምስክር ወረቐት HC2 ከቕርቡ ኣለዎም።

## ርኢቶታትን ጥርዓናትን

ጥርዓን ክተቕርቡሎም እትኽእለ ነገራት:

- ኣብ NHS ዝተውሃበኩም ወይ ድማ ይወሃበኩም ዘሎ ክንክን ወይ ድማ ሕክምና
- ምስ ዝተርኣኹምለ ቦታ ዝተተሓሓዘ ንኣብነት ናይ ድክተር መጥባሕቲ፣ ሆስፒታል ወይድማ ኣምቡላንስ
- ኣብ ክንንክንኹም ዝተሳተፈ ዝኾነ ኣባል ስታፍ NHS
- ምምዕርራይ ግልጋሎትና ኣብ ከባቢኹም እንተድኣ ኣብ ክንክንኹም ወይድማ ሕክምናኹም ፀገም ዘምፅአ ኾይኑ

## ጥርዓን ንምቕራብ

ብቐዲምነት ኣብ ክንክንኹም ንዝተሳተፈ ኣባል ስታፍ ተዛርቡ ኣለኩም። እዚ እንተጌርኩም ጥርዓንኹም ብግልፂ ክነቕርበልኩም የኽእለና። እንተድኣ ኣብ ክንክንኹም ንዝተሳተፈ ኣባል ስታፍ ክተዛርቡ ድላት ዘይሃልይኩም ላዕለዋይ ኣባል እቲ ስታፍ ንክተዛርቡ ሕተቱ።

እንተድኣ ሕዚ ውን ሕጉስ ዘይኮኑ ብፅሑፍ ስሩዕ ጥርዓን ክተቕርቡ ትኽእለ። እንተደሊኹም እውን ጥርዓምኹም ብፅሑፍ ንምቕራብ ክንሕግዘኩም ኢና። ክትህቡና ዝግብአኩም:

- ሙኡእ ስምን ኣድራሻን (ናይ ካሊእ ጥርዓን ተቕርቡ ዘለኹም እንተኾይንኩም ስምን ኣድራሻን እቲ ሕሙም) ን፣
- ብዛዕባ ታይን መዓዝን ከምዝተፈጠረ እኹል ሓበሬታ።

ንምኽሪ ኣቀራርባ ጥርዓንን ንተወሳኺ ሓበሬታን:-

ስልኪ: 0141 201 4500
ኢ ሜይል: complaints@ggc.scot.nhs.uk

Greater Glasgow and Clyde

**ሓፂር መምርሒ ግልጋሎታት NHS ኣብ ስኮትላንድ ንደለይቲ ዕቑባን ስደተኛታትን (AHBT)**

**ቕፂሎም ብዘልዉ ቋንቋታት ይርከብ**
ኩርዱሽ፣ ፋርሲ፣ ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ማንዲሪን፣
ፈረንሳይኛ፣ ኡርደ፣ ኣምሓርኛ

## ሃገራዊ ግልጋሎት ጥዕና ስኮትላንድ ('NHS')

እቲ ሃገራዊ ግልጋሎት ጥዕና ስኮትላንድ ንስደተኛታትን ደለይቲ ዕቑባን ሓዊሱ ብነፃ እዩ።

ኣብ ስኮትላንድ ኣብ ዘለውሉ ጊዜ ዝኾነ ይፅበይ ዘሎን ዘይተሳኸዎለን ኣመልካቲ ዕቑባ ምስ ነባሪ ዜጋ UK ማዕረ ናይ ሕክምና መሰል ይህልዎ።

ኣብ ስኮትላንድ ድልጋሎታት ጥዕና ብጠቕላላ ሓኪማት(GPs) ኣቢሎም ይወሃቡ። ነዚ ድማ ኣብ ግልጋሎት GP ምምዝጋብ ጠቓሚ እዩ።

### ምጥቃም ግልጋሎታት ጥዕናን ምስ GP ምምዝጋብን

1. ኣብ መፈለምታ ከይድታት ካብ NHS ብዝመፁ ክፍሊ ጋንታ ጥዕና (Asylum Health Bridging Team) ዕቑባታት ዝኾኑ ሰብ ሙያ ጥዕና ምርመራ ጥዕና ይግበረልኩም። እዚ ምርመራ ቅልጡፍ ስጉምቲ ዘድልዮም ፀገማት ጥዕና ንምፍላይን ናብ ግልጋሎታት NHS ንምርክኻብን እዩ።
2. እቲ ጋንታ ብዛዕባ ሕለፍን ወቕታውን ኩነታት ጥዕናኹም ሓበሬታታት ብምእካብ ኣብ ቀረባኹም ንዘሎ GP የሕልፍ።
3. ኣብቲ ሓድሽ መፅንሒኹም እንትትበፅሑ ብዛዕባ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ GP ዝገልፅ ካርድ ካብ NHS ይልኣኸልኩም። ንምምዝጋብ ድማ እቲ ካርድን ኣብቲ ካርድ ዝተገለፀ ዝኾነ ይኹን መለልይን ናብ ግልጋሎት GP ውሰዱ።
4. እቲ GP ወይ ድማ ነርስ ተወሳኺ ምርመራ ጥዕና ክገብሩልኩም ይኽእል።
5. ኣብ ቀረባኹም ንዘለዉ ሓኪማት ስኒን ዓይንን ውን ሓበሬታ ክወሃበኩም እዩ።

### መንገዱ ክንክን ጥዕና

### ልሙድ ፀገም ጥዕና እንተሃልይኩም

ምስ GP ኹም ቖፆሮ ሓዙ። ኩነታት ጥዕናኹም ብምግንዛብ እቲ GP ካብ ዝስዕቡ ሓደ ክገብር እዩ:

- ቀፃሊ ስጉምቲ ዘይብሉ ፀገምኩም ምፍታሕ
- ንመድሓኒት መእዘዚ ወረቐት ምሃብ
- ናብ ግልጋሎት ስፔሻሊስት ሪፈር ምግባር (መስመር ርከብ ካልኦት ግልጋሎታትኩም ከም ጥዕና ኣእምሮ፣ ሕክምና ዓፅሚ፣ ፊዝዮቴራፒን ፖድያትሪን እቲ GP እዩ)
- ኣብ ሆስፒታል ዓራት ምትሓዝ

ግልጋሎት GP ኣብ ዝዕፀወለ ሰዓት ዶክተር ከዛርቡ እንተደልዮም ናብ NHS 24 ብ111 ብነፃ ምድዋል ይኽእለ እዮም

### ከቢድ ሕማም ወይድማ ጉድኣት እንተሃልዩዎም

ኣብ ጥቓኹም ናብ ዝርከብ ክፍሊ ሓደጋን ህፁፅን ይኺዱ። ናብ ሓድሽ መዕቖቢኹም እንትትኸዱ ኣብ ቐረባኹም ዘሎ ድለዩ።

**ኣብ እዋን ህፁፅ ኩነታት**
ናብ 999 ደውለ

### ንግልጋሎታት NHS ምትርጓም

ንቖፆሮታት ሆስፒታልን GPን፣ ሓኪማት ስኒ፣ ሓኪማት ዓይኒ፣ ሓኪማት እግሪ፣ በዓል ሙያታት ፋርማሲ ሓዊሱ ንኩሎም ግልጋሎታት NHSት ተርጓሚ ይህልወኩም። ኣባል እቲ ስታፍ ተርጓሚ ይምድበልኩም።

### ብቀጥታ ክትረኽቡዎም እትኽእለ ወሃብቲ ክንክን ጥዕናኹም

**GPs**
GP ሓኪም ስድራን ናይ ኣጠቓላሊ ኩነታት ጥዕና ሕሙማት NHS ናቑጣ ርክብን እዩ። ሕሙማት ጥዕንኦም ክሕልዉን ሕማማት ክከላኸለን ይሕግዙን ብኹለ መዲያት ኣጠቓላሊ ሕክምና ዝሰልጠኑን እዮም።

### በዓል ሙያታት ፋርማሲ

በዓል ሙያታት ፋርማሲ ኣብ ቐረባን ርሑቕን ሹቓት መሰረት ይገብሩ። ብዛዕባ መድሓኒት ምኽርን ቐልል ንዝበለ ፀገማት ሓገዝ ክገብሩን ይኽእሉ።

### ሓኪማት ስኒ

ከም ሕሙም ስኒ NHS ንምምዝጋብ ኣብ ቀረብኦም ንዘሎ ሓኪም ስኒ ብምርካብ ይሕተቱ። እቲ ሓኪም ስንኹም ጥዕና ኣፍኩም፣ ስንኹምን ግርፃንኩምን ንምሕላው ዘድልየኩም ክንክን ምኽርን ሕክምናን ይህበኩም።

### ሓኪማት ዓይኒ

ሓኪማት ዓይኒ ኣብ ስኮትላንድ ንዝነብሩ ነበርቲ UK ነፃ ምርመራታት ዓይኒ NHS የካይደሎም።